

ወይዛ ሃላይ መሕሰሪት ወለዲ
ተደሪፍላ ጸርፊ ብጎራዙት ዓዲ
ዘይከም ኣዴታታ ሕስርቲ ስዲ

ድራር በሊዓ ዘይተቀረበት ናይ ቁርሲ መኣዲ
ክብረታ ሸይጣ ነብሳ የሕሲማ
ከየቁረሱ ከየምስሑ በቅሊ ሰቂሎም ሰዲዶማ
ከሲራቶ ክቡር ቃልኪዳን ጋማ

ወጮ ኸዲኖም ሰኑይ ምድሪናብ ዓዳ መሊሶማ
ወይዛ ሕማቅ ትፈልጦ ዶ ኸ ትኸውን እቲ ዘሕሰማ

ወጮ ካብ ጸምሪ( ጸጉሪ ) በጊዕ ዝስራሕ ኮበርታ ኮይኑ፡ እቲ ጸምሪ በጊዕ ከምዚ ናይ ሎሚ ኣብ ፋብሪካታት ብዙሕ መስርሕ ተገይርሉ ዝሓልፍ ኣይነበረን ። ብዘለዎ ተኣሊሙ እዩ ኣብ ምዓላ ዝውዕል ዝነበረ ። ስለዚ እቲ ካብዚ ዝስራሕ ኮበርታ ጨጓርን ኣዝዩ ዝዋጋእን ዘይምቹእ እዩ ። ብዘይክዳን ወጮ ምኽዳን ከቢድ መቕጻትን ሕስረትን ድማ ነበረ ።

ኣብ ሕብረተሰብ ብሄረ ትግርኛ ኤርትራ ክሳብ ግዜ ናጽነት ክብረ ድንግልና ኣልተንስተይቲ ከም ቀንዲ ረቋሒ እምነት ኣብ ቃልኪዳን ይርአ ነይሩ ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ክብረ ድንግልንኣ ዘይዓቀበት መርዓት ቃል ኪዳነ ንምፍራስ ወዓል ሕደር ዘይብሉ ምኽንያት እዩ ።

ምስ ክብረ ድንግልንኣ ዘይጸንሐት መርዓት ፡ ድሕሪ ሰንበት መርዓ ምሕላፉ፡ እንዳ ወዲ ሰኑይ ኣራፊዶም ወጮ ጥራይ ከዲኖም ብዘይ መሰል ፍትሕ ናብ ስድርኣ ይሰዱዋ ። ስድራ ቤት ኣል ድማ ኣብ መዓልቲ መርዓ ሰንበት ኣሎም መሪቆም

ኣግዚሞምድሕሪ ምፍናዎም ሓጎስ ምሉእ ክኾነሎም ቲተርፍ ሓንቲ ነገር ኣላ ። ንሳ ድማ ሰኑይ ጓሎም ጥርሓ ጸኒሓ ዝብል መልእኽተኛ ከይመጾም እሞ ጓሎም ወጬ ተኸዲና ብሕስረት ከይትምለስ ነታ መዓልቲ ክትሓልፈሎም ብስክፍታ ይጽበዩ ። ድሕሪ እዚ ምስ ዘጋጥም ኣብ ስድራ እንዳ ጓል ከቢድ ጓሂ እዩ ። ምኽንያቱ ኣብቲ ሕብረተሰብ እቶም ስድራ ንደቆም ቀጺዖም ፡ ምዒዶም ወይ ብጽቡቅ ከይኮስኮሱ ዘዕብዩ ስድራ ውጽኢቱ ድማ ደቆም ስነ ስርዓት ዘይብሎም ኮይኖም ተባሂሎም ይጽረፉን ክብሪ ይስእኑን። ኣብ ዝሓለፍዎ መገድን ኣኼባታትን ውን ኣዝዮም ይስከፉ ። እዚ ክብሪ ጓልተንስተይቲ ንምቁንጻብ ዘይኮነ ፡ ቅድሚ ቃልኪዳን ወይ ሓዳር ዝግበር ርክብ ነውርን ጽዩፍን ኮይኑ እዱብ ሕብረተሰብ ብምፍጣር ካብ ሕማማት ንምክልኻልንክብሪ ቃል ኪዳን ንምሕላውንእዩ ።

ወድ ተባዕታይ ዘዋር ተኾይኑድማ ሰብኣይ ኮማሮ ድኣ ታይ መርዓ ኣድሊካ እንዳተባህለ ዋዛ ዝመስል ኣሸሙር ( ሽምጠጣ ) እንዳተዘርበን ኣዋልድ ብማዕዶ ደርፊ ገይረን እንዳጸረፍኦን ምስ ሰብ ክሕወስ ኣዝዩ ይስከፍ ። መርዓ ሓሲቡ ጓል ክረክብ ምስ ዝጽገም ወይ ብኻልእ ምኽንያት ማለት ዝፈትዋ ጓል ምስ ዝኸልእዎን ኣንነት ዝመበገሲኡ ዓጽሚ ዝብል ምኽንያት

መውስቦ ምስ ዝኽልከልን ነታ ዝጠመታ ጓል ተጸናትዩ ኣብ በረኻ ወይ መንገዲ ብምዕጋት ብሓይሊ ወሲዱ ይዝርፋወይ ይዕምጻ እሞ፡ ስድራ እንዳ ጓል ዋሕስ ትኽል ይብልዎ ብሕጊ እንዳባ ዘፍቅዶ ድማ ይኽሕሳ ። ብድሕሪ እዚ ስድራ ወዲ ናብ እንዳ ጓል ብምኻድ ወድና ውዒልዎ ናይ መንእሰይ ነገር ተጋግዩ እዩ ሞ ይቅሬታ ብ ምሕታት ጉዳይ መርዓ ይዘራረቡ። ዓማጺ ድማ ከም ሓሳቡ ድንግልንኣ ዝፈረሰ ጓል ናብ ካልእ ክትምርዖ ስለ ዘይትኽእል ንቡር ጌርካ ( ተመርዒኻ ) ውሰዳ ይብልዎ ። ንዓማጺ ዕምም እንዳበሉ ድማ ን ዝፈትዉዋ ጓሎም ውሰዳ ይብልዎ ። እታ ብሓይሊ ዝተዓመጸት ጎርዞ ድማ ምስ በዳሊኣ ክትነብር መዋእላ ትፍረድ ። እንተኾነ ግን ምዝራፍ ልሙድ ባህሊ ስለ ዝነበረ ዝበዝሕ ብኸምዚ ዝጅምር ሓዳር ብፍቅሪ ሓዳሮም ገይሮም ይወልዱን ብሓደ ይነብሩ ነይሮም ። ኣብ ውሑዳት ድማ ዘይምቅዳው የጋጥም እሞ ምፊልላይ ( ፍትሕ ) የስዕብ ።

ስለዝስ እዚ ኣብ ግዜና ዘሎ ነውሪ ዘህሰሰ ዘይእሱር ኣከይዳ ምስ ሳዕቤናቱ ዶ ይሓይሽ ወላስ እቲ ናይ ቀደም ባህላዊ ሕጊ እንዳባ ዘማእኸሎ ኣብ ጓል ተንስተይቲ ዝያዳ ጸቕጢ ዘለዎ ግን ድማ እዱብ ሕብረተሰብ ።

ሃብቶም - GOMBOLO